ሰላም ወጋሕታውያን ‘ዚ ንሰደልኩም ዘለና ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ መንግስትና ዝፈጸሞ ገበን ሓቀኛን ዝወዓልናሉን ሓበሬታ‘ዩ። ብመገድኹም ንኹሉ ዝምልከቶ ኣካልን ብኣውርኡ ከኣ ንህዝብና ክተብጽሑልና ንላቦ።

## ደግሲ ሕጹር ሕማም ኣብ’ዚ እዋን ንምንታይ........?

ጉጅለ ህግደፍ ሎንደን ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘካየዶ ዋዕላ

- *ቦታ ዋዕላ፦* ሰሜን ለንደን ሆሎዌ ሮድ (holloway road)
- *ዕለት ዋዕላ፥* 24 ታሕሳስ 2010 ድሕሪ ቐትሪ ሰዓት 03፡00
- *ተሳተፍቲ’ቲ ዋዕላ፦* ጠቕላላ 40 ክሳብ 45 ሰባት ክኾኑ ከለው ካብዚኦም 20 ኣባላት ህግደፍ 20 ክሳብ 25 ዝኾኑ ከኣ ባዕላቶም ዝተፈላለዩ ተቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢና ዝብሉ ወተሃደራት ደርጊ ነበር ኔሮም።
- **ነቲ ዋዕላ ዝጸውዑን ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፉን ዝርዝር ኣባላት ወኺላትን ህግደፍ እዞም ዝስዕቡ ነይሮም።**
  1. ዶ/ር በረኸት ፍስሃጽዮን
  2. ኣቶ ሰዩም ጸጋይ
  3. ኣቶ ኣብርሃም ኪዳነ ሓላፊ ፊናንስን ኤምባሲ ኤርትራ
  4. ኣቶ ኣማኑኤል ስዩም ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኤርትራ
  5. ኣቶ ዳዊት ተኽለኣብ ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኤርትራ
  6. ዶ/ር ተወልደ ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኤርትራ
  7. ኣቶ ሲራክ ገ/ሰላሰ....ወዘተ ክኾኑ ከለው

- ***ኣብ’ቲ ዋዕላ ዝተሳተፉ ኣባላት ተቓወምቲ መንግሰቲ ኢትዮጵያ ኢና በሃልቲ ናይ ደርጊ መኮንናት ዝነበሩን ካልኦት ኢትዮጵያዊያን ከኣ ፦***

1. ኮ/ል ኣለማዮሁ መንገሻ(ወተሃደር ደርጊ ዝነበረ)
2. ኣቶ ስለሺ ጥላሁን (ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ተባሂሉ ናይ ዝጽዋዕ ተቓዋሚ ሓይሊ ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት)
3. ኣቶ ኤልያስ ክፍለ (ኣዳላዊ ኢትዮጵያን ሪቪው ናይ ዝበሃል መርበብ ሓበሬታ)
4. ኣቶ ኣየለ ኣንጀሎ

5. ጀነራል ታመነ ድልነሳው
6. ዶ/ር ኮሪ ያየ
7. ዶ/ር ኤርሚያስ ባዩ
8. ኣቶ ወንድሙ መኮነን
9. ሊቀማእምራን ኣበባው ይግዛው
10. ወ/ሮ ሳብራ መሓመድ
11. ኣቶ ኣለማየሁ ደሴ
12. ኣቶ ኣገኘሁ ገበየሁ
13. ኣቶ ቤተናን ሆጦሶ *(ናይ ሲዳማ ነጻነት ግንባር ተወካሊ)*
14. ኣቶ መሰጦፋ ዓብደላ *(ናይ ኦጋዴን ግንባር)* ወዘተ ኔሮም።

- *ከም ኣካል ክሳተፉ ዕድመ ዝተገበረሎም ተቓወምቲ ጉጅለታት ኢትዮጵያ፡-*
    1. ግንባር ናጽነት ኦጋዴን (ONLF) ወኪል እዚ ተቓዋሚ ሓይሊ ኮይኑ ዝተሳተፈ ኣቶ ሙስጠፋ ዓብደላ
    2. ኣብቲ ዋዕላ ክሳተፍ ዝተዓደመ ናይ ኦሮሞ ነጻነት ግንባር (ኦነግ) ካብቲ መጸዋዕታ ብመትራፉ ይቕሬታ ከምዝሓተተ ብዕሊ ኣብቲ ዋዕላ ቀሪቡ።
    3. ካልኦት ኣባላትን ደገፍትን ተቓዋሚ ጉጅለ ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ወኪሎም ኣብቲ ኣኼባ ብኽብሪ ዝተሳተፉን መደረ ዘስምዑን ኢትዮጵያውያን ወተሃደራዊ በዓል ስልጣን ደርጊ ነበር ጀነራል ታመነ ድልነሳው፡ ኣቶ ወንድሙ መኮነን፡ ሊቀማእምራን ኣበባው ይግዛው፡ወ/ሮ ሳብራ መሓመድን'ዮም።
- ብቐጥታ ነቲ ዋዕላ ዘተሓባበሩ ዝመርሑን ዶ/ር በረኸት ፍስሃጽዮንን ኣቶ ሰዩም ጸጋይን ዝተብሃሉ ወኪላት ህግደፍ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ እኳ እንተኾኑ ኣብቲ ዘዳለውዎን ዝጸውዕዎን መድረኽ (ዋዕላ)፡- ተዓዲሞም ሓሳባቶም ክሰምዑን ክመርሑን ዝተገበሩ ግን እቶም ቅድሚ ሕጂ ኣባላት ላዕለዎት መኮንናት ደርጊ ዝነበሩ ሕጂ ድማ ናይ ዝተፈላለዩ ተቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣባላትና ኢና ብምባል ኣብ ወጻኢ ዝንቀሳቐሱን በዓል ኮ/ል ኣለማየሁ መንገሻን ፡ ጀነራል ታመነ ድልነሳውን ዝተብሃሉ ኢትዮጵያውያን'ዮም ነይሮም።

- ***ዕላማ እቲ ዋዕላ፡-*** ወያነ ኣውዲቕካ ሓድነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምፍጣር ሓደ መንግስቲ ምትካል። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዝተነበረ ማዕቀብ ንምልዓል ኣብ እንካይዶ ሰለማዊ ሰልፊ ኣብ ጎንና ኮይንኩም ሓግዙና ኢልና ንምልማን ምንባሩ፡ ጋህዲ ነይሩ፡
- ***ትሕዝቶ ዋዕላን ኣብዚ ዋዕላ ሓሳባቶም ዘቕረቡ ኣባላት ተቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢና በሃልቲ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ነበሩ።***

1. ***ሓላፊ ዓለምለኻዊ ህዝባዊ ርክባት ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ኣብ ዓባይ ብርጣንያ*** እየ ኢሉ ንባዕሉ ዘፋለጠ ኣቶ ሰለሺ ጥላሁን ዘስምየ መደረ፡ ጉዳይ ቃልስን ምንቅስቃስን "ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ" ኣብ ዝብል ዛዕባ ኮይኑ ቅድሚ ክልተ ወርሒ ኣብ ኣስመራ ኤርትራ ብዛዕባ ዝተካየደ ዋዕላን ንመጻኢ ዝወጠኖ ሓድሽ ኣወዳድባን ኣመልኪቱ መብርሂ ሂቡ። ንዝርዝር መብሪህኡ ኣብ'ዚ እዋን ተቓዋሚ ውድብ "ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ" ካብ ህግደፍ ኩለመዳያዊ ድጋፍ እንዳረኸበ ብዝለዓለ ደረጃ ተጠናኺሩ ከምዝርከብን ንናይ ወያነ መሓውራትን ውዳበታትን ብዝጻባእ ኣገባብ ሓድሽ ናይ ኣወዳድባ ቕርጺ ምፍጣርን ምዝርጋሕን ኣገዳሲ ምዃኑ ኣሚኑ ኣብ ምንቅስቃስ ከምዝርከብን ኣቕረበ።

2. ***ቐጺሉ ብሓላፊን ኣዳላዊን መርበብ ሓበሬታ ኢትዮጵያ ሪቪው (Ethiopian review )*** ብዝኾነ ኣቶ ኤልያስ ክፍሌ ዝሰዓበ መደረ ከአ ኣብ ቀረባ ጊዜ ኣስመራ በጺሑ ከምዝተመለሰ። ንምንቅስቃስ እቲ ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ እየ ኢሉ ባዕሉ ዝዛረብ ኣብ ሃገርና ዝመደሩ ዕጡቕ ጉጅለ ብዓይኑ ከምዝረኣየን ምስ ኣመራርሓን ዕጡቓትን እቲ ጉጅለ ዓሚቕ ዘተ ከምዝካየደን ኣቕረበ። ብተወሳኺ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ምስ ፕረዝደንት ሃገረ ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምሕያል'ዞም ግንባር ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ድሕሪ ምዝርራቡ ቀጺሉ ምስ ኣብ ኣስመራና ተዓቂቦም ዝርከቡን ብኣሸባርነቶም ዝፍለጡን ተቃወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵዮ ኢና በሃልቲ ህግደፍ ዘዕጠቖምን ዝሕብሕቦምን ዕጡቓት ጉጅለታት ማለት ምስ ግንባር ነጻነት ኦሮሞ (ኦነግ) ፡ምስ ግንባር ናጽነት ኦጋዴን (ኦብነግ)፡ ምስ ግንባር ናጽነት ሲዳማ፡ ምስ ደምሒትን "ግንባር 7" ን ዝተብሃሉ ተራኺቡ ብምዝታይ ብሓፈሻ

ንወያነ ብሓባር ኣሊኻ ኤርትራ ሓዊስካ ነታ ናይ ቀደም ኢትዮጵያ ንምምላስ ዝከኣል ምኺኑ ነዚ ንምትግባር ፕረዝደንት ኢሳይያስ'ውን ብሙሉእ ልቡ ከምዝሰርሕ ብቓልን ብተግባርን ከምዘረጋገጸሉ ጸብጻብ ኣቕረበ። ኣብ'ዚ ዓመት ክካየድ ኣብ ምሽብሻብ ንዝርከብ ምርጫ ንምፍሻል 'ውን እንተኾነ ኣብዚ ኣኼባ ክግለጽ ዘይከኣል ብወገን ህግደፍ ዕብይ ዝበለ ሚስጢራዊ ምድላዋት ከምዘሎ ገሊጹ።

3. እቲ 3ይ መዳሪ ናይ ተቓዋሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ እየ ናይ ዝብል ምንቕስቃስ ጋምቤላ ተወካሊ እየ ኢሉ ባዕሉ ዘፋለጠ ኣቶ ኣየለ ኣንጅሎ ዝተበሃለ ውልቐ ሰብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጋምቤላ በጺሑ ብዛዕባ ዝብሎ ግፍዕን ንወጻእተኛታት ኣዋፊርቲ ብወያነ ይሸየጥ ኣሎ ብዛዕባ ዝብሎ ስቡሕ መሬት ጋምቤላን ድሕሪ ምቕራብ ኣብ መደምደምትኡ ወያነ ናብ ፍርዲ ምቕራብ ከምዝግባእን ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ብወገን ጸረ-ምጽናት ዓሌት (ጀኖሳይዳውያን) ኣድላይ ጻዕርታት ይግበር ምህላው ገለጸ።

4. ወኪላት *"ግንባር ሓርበኛታት"* ዘስምዕዎ መደረታት

- ናይ'ቲ ኣብ ሎንደን ዝቆመ ደርጊ ወተሃደራት ማሕበር ብምውካል ሪኢቶ ዘስመዐ ጀነራል ታመነ ድልነሳው ወተሃደራዊ እስትራተጂን ወተሃደራዊ ውጥንን ብምንዳፍ ናብ ግንባራት ከምዝልኣኩን ኣብ ዝካየዱ ወተሃደራዊ ስልጠናታት ኣስተዋጽኦታት ከምዘበርከተን ገሊጽዎ።
- ኣቶ ወንድሙ መኮነን ዝተብሃለ ተዛራቢ'ውን ወያነ ንወጻእተኛታት መሬትና እንዳሸጠ እቲ ገንዘብ ናብ ወጻኢ ሃገራት የህድሞ ከምዘሎ ንኣብነት ንመንግስቲ ሱዳን ከምዝሸጠ ንምስሪ ንምሻጥ ኣብ መስርሕ ከምዝርከብን ድሕሪ ምቕራብ ቀጺሉ ብዛዕባ ኢንጅነር ሃይሉ ሻውል ዝፈጸሞ ክሕደት መዳርግቲ ዘይርከቦ ተግባር ምኻኑ ምክንያቱ ኣዳኺምናዮ ንዝነበርና ወያነ ዳግም ህይወት ከምዝፈጠረሉን ቃልስና ኣንጻር ወያን ድርብ ድርብርብ ክኾውን ስለ ዝገበሮ ኣብ ደገ ዝነብር ኢትዮጵያዊ ኩሉ ንኢንጅነር ሃይሉ ሻውል ካብ ወያነ ፈልዩ ክሪኦ ኣይግባእን ብምባል ብኣጽንዖት ኣጎሳጎሰ።

- ሊቀማእምራን ኣበባው ይግዛው መሬት ንሱዳን ብዛዕባ ይሸየጥ ኣሎ ብዝብል ከም መእተዊ ጀሚሩ እኳ እንተነበረ ጸቒጡ ዝሃውተተሉ ዛዕባ ግን ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያንን ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ እቲ ሃይማኖትን ግፍዒ ይበጽሕ ከምዘሎ ባሕታውያን መነኮሳትን ኣብ ገዳም እኳ ከይነብሩ ይዕገቱ፡ ምህላዎም ገዳማትናን ኣብያተ ክርስትያናትናን ናይ ወያነ ተቃወምቲ መሕብኢ በዓቲ ኮይናን ብምባል ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ክርስትያን ብሓፈሻ ብፍላይ ተወለድቲ ኣምሓራ ብፓትሪያሊክ ዓብይ በደል፡ ግፍዕን ሞትን ይበጽሖም ከምዘሎ ገሊጹ።
- ወ/ሮ ሳብራ መሓመድ (ካብ ኢትዮጵያ ዝተባረረት ሩስያዊት) ብዛዕባ ብርትኳን ሚዴቅሳ ጉዳይ ኣዲኣን ውላዳን ብቴሌፎን ከምትከታተል ድሕሪ ምግለጽ

ንዝጀመረቶ ናይ ገንዘብ ኣጠናኽሪካ ምቕጻል ከምዘድሊ ብርትኳን ንምፍታሕ ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ክግበርን ኣዲኣን ውላዳን ንደገ ንምውጻእ መደብ ሓንጺጻ ከምዘላን ኣመልኪታ።

5. ***ነቲ ኣኼባ ዝጸውዑን ዝመርሑን ዜጋታትና ዝኾኑ ወኪላት ህግደፍ ሽቶታት እቲ ዋዕላ ዝምልከት እዚ ዝስዕብ መደረ ኣቕሪቦም፡-***

   - ዶ/ር በረኸት ፍስሃጽዮን ዝተብሃለ ወኪል ህግደፍ ዘስመዮ መደረ ኣብ'ዚ ኤርትራውያንን ኢትዮያውንን ብሓባር ንመጀመሪያ ግዜ ዝተኣከብሉ ዋዕላ ንመንግስቲ ኤርትራ ወኪሉ ብምቕራቡ ከምዝተሓጎሰ መእተዊ ሓሳቡ ብምፍላም ኣስዒቡ እዚ ጅማሮ ተግባር'ዚ ኣበሪኽና ክንቕጽሎ ናቱን ናይ ፕሬዚደንቱን እምነት ምዃኑ ግልጺ ጌሩ።

   - ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ሓደ ንምግባር ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚርና ቆራጽ መርገጺ ከምዝነበረና ይፍለጥ። እንተኾነ ግን ወያነ ሓድሽን ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነትን ስለዘይፈቱ ኮነ ኢሉ ኲናት ወሊዑ ክሳብ ሕጂ ኣታዓናቒፍዎ ጸኒሑ እዩ መንግስቲ ኤርትራ ግን ቅድም ኢሉ ሒዝዎ ዝጸንሐ ሕዱር ራእይን ኣጠናኺሩ ዝቕጽሎ ዘሎ መርገጽን ምዃኑ ምሳኻትኩም ምስ ኢትዮጵያውያን ብግልጺ ቛንቛ ክንረዳደኦ ዝግባእ ጉዳይ እዩ ብምባል ኣስዒቡ ብመሰረት'ዚ'ውን ሓድነት ንዝድግፉ ኢትዮጵያውያን ሓይልታት የጠናኽርን ይሕግዝን ኣሎ።

ንኣብነት ሕቶ ብሂር ይኹን ናጽነት ዘለዎም ኢትዮጵያውያን ሓይልታት ናብ ሓድነት ገጾም ከምርሖ ብፕረዚዳንት ኢሳይያስ ዝለዓለ ጻዕሪ ምክያዱ ኣብሪሁ።

- ብናይ ሓባር ቃልሲ ስርዓት ወያነ ድሕሪ ምእላዩ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይዝኾነ ይኹን ቅደመ ኩነት ከም ቀደሞም ሓደ ከምዝኾኑ፡ ቆራጽ መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ከበስረኩም እፈቱ ብምባል ድማ ደምዲሙ።
- ብተመሳሳሊ ነዚ ሓሳብ ደጊፉን ኣጠናኺሩን ዝመደረ ካልእ ወኪል ህግደፍ ስዩም ጸጋይ እዩ።
- ስዩም ጸጋይ ካብቲ ቅድሚኡ ዝተዘረበ ወጻኢ ዘቕረቦ ሓሳብ ጉዳይ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዝተነበረ ማዕቐብ ብጣዕሚ ሓደገኛ ምኻኑን ብተዘዋዋሪ ንናይ ኢትዮጵያ ሓደነት ቃልሲ'ውን ከምዝጎድእ መብርሂ ኣቕሪቡ። ምኽንያቱ ኤርትራ ብሕታዊ ደጋፊት ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብምዃና በዚ ማዕቐብ ኣብ ልዕሊኣ ዝበጽሕ ጉድኣት ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ንቃልሲ ሓይልታት ተቓወምቲ ኢትዮጵያ ከምዝጎድእ ብምግባር ዝተነበረልና ማዕቐብ ንኽላዓል መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ጀሚርዎ ኣብ ዘሎ ቃልሲ፡ ኣብ'ዚ ዘለኹም ኢትዮጵያውያን ኩላትኩም ኣብ ጎንና ክትስለፉ ይግባእ ብምባል ግልጺ ምሕጽንታ ኣቕሪቡ።

- ንኣዳለውትን መራሕትን እቲ ዋዕላ ወኪላት ህግደፍን ዕዱማት ኮይኖም ሓሳባቶም ንዘቕረቡ ኣባላት ተቓምቲ ኢትዮጵያውያንን ዝቐረቡ ሕቶታት፡-

- ርክብ ግንባር ሓርበኛታትን ግንቦት 7 ን እንታይ እዩ? ምስ ኦነግን ኦብነግን ከ?
- ኣብ ቀረባ ግዜ ሙሩኻት ሓርበኛታት ኣመልኪቱ ብቴሌቭዥን ኢትዮጵያ ብዛዕባ ዝተመሓላለፈ እንታይ ትብሉ?
- ክሳብ ክንደይ ኢኹም ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ትኣምንዎ...?
- ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓደ ክኾና እየን ተባሂሉ፡ እንተ ኾይነን ከ መን እዩ ፕሬዚደንት ዝኸውን.....
- ድሕሪ ሕጂ ወያነ ክሳብ መዓስ ይጸንሕ ይኸውን....?
- ኣብ'ዚ እዋን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንምሕባር ዝተደለየሉ ምኽንያት እንታይ እዩ....?

- ኢንጅነር ሃይሉ ሻውል ትጸልእሉ ምኽንያት ንኢትዮጰያ ብምእታው ድዩ....? ኤርትራ እንተዝመጽእ ኔሩ ከ ምተቀበልኩምዎ ዶ....? (እዛ ሕቶ ንኣዳላዊ እቲ ዋዕላ ወኪል ህግደፍ ዶ/ር በረኸት ዝቐረበት ሕቶ ኔራ)
- ግንቦት 7 ሓድሽ ምንቅስቓስ እዩ። ኣቕድም ኣቢሎም ኣቶ ኤልያስ ከዛረቡ እንከለው ኣብ ዶ/ር ብርሃኑ ምትእምማን የብለይን ዝብል ሓሳብ ኣስሚዖም ኔሮም እንታይ ማለቶም ምኻኑ'ዶ ግልጺ ምገበሩልና....?
- ዝተውሃበ መልሲ፡-
- ግንባር ሓርበኛታትን ግንቦት 7ን ኣመልኪቱ ኣብ ዝተልዓለ ሕቶ ዝመለሰ ኣቶ ስለሺ ጥላሁን እዩ። ንሱ ዝመለሶ ኣባላት "ግንቦት 7" ቅድሚ ሕጂ ቅንጅት ዝነበሩ እዮም። ኣነ'ውን ኣባል ቅንጅት'የ ኔረ። ቅንጅት ክፈርስ ከሎ ኣነ ብቐጥታ ወያነ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ጥራሕ ከምዝወድቕ ኣሚነ ናብ ግንባር ሓርበኛታት ንምጥንኻር ተጸምቢረ። ድሕሪ ሓደ ዓመት መስረቲ "ግንቦተ 7" ወያነ ካብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ወጻኢ ብካልእ ከምዘይወድቕ ተገንዚቦም ምንቅስቓስ ጀሚሮም። ስለ'ዚ ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ ሓደ ውድብ ኢና ኔርና ብዝግባእ ንፋለጥ ኢና እዚ ግንባር ሓርበኛታትን ግንቦት 7ን ሓደ ዓይነት ስምረት ክህልዎ እዩ። ግንባር ሓርበኛታት ንልዕሊ 10 ዓመታት ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ ምንቅስቃስ እዩ። መራሕቲ ግንቦት 7'ውን ናብ ኣስመራ ክኣትው ዝለዓለ ምትሕብባር ጌርና ኢና። ኣብ'ዚ እዋን ድማ ናይ ክልቴና ሓባራዊ ቤ/ጽ ኣስመራ ክፈትና ንርከብ። ስለ'ዚ ርክብና ዝሰመረ እዩ።
- ኣቶ ኤልያስ ክፍለ ዝመለሶ ከኣ ኣብ ዶ/ር ብርሃኑ ነጋ እምነት የብለይን። ኩሉ ከምዝፈልጦ ንቅንጅት ብልቢ ካብ ዝድግፉ ሰባት ባዕለይ ሓደ ኔረ። ኣብ'ቲ ዝነበረ መስርሕ መን እንታይ ኔሩ? ዓብይ ዝነበረ ንእሽቶ ኮይኑ ዝተርኣየሉን። መርገጺታቶም ከም ኩስትሞን ካምቻን በብግዚኡ ዝቐያይሩ ብዙሓት ሰባት ሪአ ኣለኹ። ካብ ኣባላት ኣመራርሓ ግንቦት 7 ውሽጢ ሓደ ኣቶ ኣንድኣርጋቸው ጽገ ጽኑዕ ሰብ ምኻኑ ተገንዚበ ኣለኹ። ዶ/ር ብርሃኑ ነጋ ግን ኣብ ጥራሕ ሜዳ ንባዕሉ ዘዕቢ ትዕቢተኛን ምኩሕን ሰብ ዝንዕቕ ትምክሕተኛ ጉራጌን ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ። ነዚ ዝምልከት ኣብ ቅድሚኡ'ውን ተዛሪበ እየ። መርገጺኡ እንተዘይኣሪሙ ካብ መሪሕነቱ ባዕሉ ክእለ ክኽእል ኣለዎ በሃላይ እየ። ካብ ዶ/ር ብርሃኑ ነጋ ወጻኢ ግን መራሕቲ ግንቦት 7 ቆራጻት እዮም።

- ኣቶ ሰለሺ ጥላሁን ዝተብሃለ ተሳታፊ እቲ ዋዕላ ዝመለሶ ከኣ፡ ምስ ተቃወምቲ ጉጅላታት ኦነግ፡ ኦብነግ፡ ሲዳማ፡ ትግራይ፡ ቤንሻንጉልን ግንባር ሓርበኛታትን ባዕሉ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝመርሖ ናይ ዘተን ምምክካርን መድረኽ ኣለና። ስለ'ዚ ናይ ናጽነት ሕቶታትን ካልእን ናብ ሓድነት ንምልዋጥ ቀጻሊ ምርድዳእን ምይይጥን እንዳተኻየደ ይርከብ። ብኢቲቪ ዝቐረበ ፕሮግራም ባዕለይ ሪአዮ ኣለኹ ግንባርና (ግንባር ሓርባኛታት) ነቶም ዝቐረቡ ሰባት ኣይፈልጦምን። ኣብቲ ከባቢ ዝተሓዝ ሽፍታ ብሙልኡ ግንባር ሓርበኛ እዩ ስለ ዝብል ደኣ'ምበር ናትና ኣባላት ኣይኮኑን። ብምባል ገለጸ።
- ብምስዓብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓደ ምስ ኮና መን እዩ ክመርሕ ንዝብል ሕቶ ዝመለሰ ዶ/ር በረኸት ፍስሃጽየን እዩ። ንሱ ፈለማ ዝመለሶ "እዚ ሕቶ መልሱ ግልጺ ይመስለኒ!" መራሒ ዝኸውን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቅ እዩ በለ እሞ፡ ተሳተፍቲ'ቲ ዋዕላ ሳሓኞ ብሳሓኞ ኮኑ። ዶ/ር በረኸት ሕፍር ከይበለ ሓቐይ እየ! እዚ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክረጋገጽ እዩ። ኢንጅነር ሃይሉ ሻውል ዝምልኸት ንኣስመራ ከኣትው ሰፊሕ ናይ ምርድዳእ ስራሕ ኣብ ኣመሪካ ባልቲመር ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ኣካይድና ነይርና። እንተኾነ ግን እቲ ሰብኣይ ተኣማኒ ከምዘይኮነ ብወገን ፕረዚደንትና ምስ ተረጋገጸ ግደፍዎ ተባሂሉ ገዲፍናዮ። እንጅነር ሃይሉ ሻውል ኣመሪካ ኣብ ዝነበረሉ እዋን በዓል ዶ/ር ብርሃኑ ብፍላይ ኣንድኣርጋቸው ጽገ ቀዲሙ ምሳና ጽቡቕ ርክብ ስለዝነበሮ ምስኡ ክሰማማዕ ብፕረዚደንት ተሓቢርዎ ኔሩ እንተኾነ ከተኣማመኑ ኣይካኣሉን። ብድሕሪኡ እንጅነር ሃይሉ ሻውል ብናይ በዓል ኣንድኣርጋቸው ህልኽ ተመሊሱ ናብ ኢትዮጵያ ምእታው ይርዳኣና እዩ። ወያነ ነዚ ተረዲኡ ንግዚኡ ተጠቒሙ ከምዝድርብዮ ድማ ጥርጥር የብልናን።
- ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ሓድነት ንምንታይ ወሲና ንዝብል ሕቶ፡ ሓድሽ ራእይና ኣይኮነን ቅድሚ ናጽነት ኤርትራ'ውን ዝነበረ ሕዱር እምነትና እዩ። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት መሳፍንቲ፡ ደሞክራሰያዊት ኢትዮጵያ ክትምስረት ሕልምና ኔሩ። ድሕሪ ሃጸይ ሃይለስላሰ፡ ደርጊ ናብ ስልጣን ምስደየበ ግን ፈለማ ንባዕልትና ናጻ ንኹን ዝብል ሓሳብ ሒዝና። ድሕሪ ውድቀት ደርጊ'ውን እንተኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ካብ ጭቆና መግዛእትን ሓራ ምስ ወጸ ሓደ ክንከውን ኣለና ዝብል ዕላማ እዩ ኔሩና። እንተኾነ ወያነ'ውን ካብቶም ዝሓለፉ ዘይሕሸ ኮይኑ ምስተረኸበ ከምኡ ኢሉ ቀጺሉ። ብዙሕ ሰብ

ኤርትራ ብቑጠባ ባዕላ ስለዘይትኽእል እያ ንሓድነት ትጠልብ ዘላ ይብል ይኸውን'ዩ እዩ። እንተኾነ ግን'ዚ ዝተዛብዐ ኣረኣእያ እዩ ብምባል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ወኪሉ ሓሳባቱ ኣቕረበ።

ንምጥቕላል ብመንጽር ዕላማ እቲ ዋዕላ መዓልቦ ዘይብሉ እዩ ተበቲኑ። ኣብ ሞንጎ'ቲ ኣኼባ ብዙሓት ሰባት ኣቛሪጾም እንዳወጹ ከይዶም። ዶ/ር በረኸት ግን እዚ ኣኼባን ቅድሚት'ውን ተጠናኺሩ ክቕጽል ምኻኑ ብምግላጽ እዩ ዛዚምዎ።